# ርእሰ ኣንቀጽ

## ዝሓለፈ እናጸብጸበ ክነብር ዝደሊ ስርዓት

ስርዓት ህግደፍ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ካብ ዝጥቀመሎም ብዙሓት ሜላታት ሓደ ኣብ ክንዲ ኣብ ህልዊ ኩነታት ምዝራብን ንመጻኢ ምምዕዳውን ኣብ ዝሓለፈ ዕንክሊል እናበልካ ግዜ ምሕላፍ እዩ:: ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብ ኤርትራ ካብ ዝተፈጸመ ቅያታት እቲ ቀንዲ መስርሕ ምርግጋጽ ነጻነት ኤርትራ እዩ:: ኣብዚ ስርዓት ህግደፍ ከም ሓደ ናይ ቅጥፈት መቕድሙ እዚ ነጻነት ብህዝቢ ኤርትራ ዘይኮነስ ብናቱ ጸቢብ ጉጅላዊ ቃልሲ ከም ዝተረጋገጸ ኣምሲሉ የቕርብ:: ከምኡ ምባሉ ድማ ሕጂ'ውን ኣነ ዝበልኩኹም ስምዑ እምበር ካብ ድሌተይ ወጻኢ ለውጢ ኣይትሕተቱ ዘብሎ ባይታ ንምምድማድ እዩ:: እንተኾነ ነጻነት ኤርትራ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኩሉ ዝተሓተቶ ዋጋ እንተላይ ህይወት ዝኸፈለሉ ታሪኻዊ ፍጻመ እምበር ናይ ሓደ ውሱን ጉጅለ ወይ ውድብ ጻዕሪ ዘመዝገቦ ከም ዘይኮነ ኣይኮነንዶ ነዓና ነቶም ዋናታቱ ኤርትራውያን ንመላእ ዓለም'ውን ንጹር ስለ ዝኾነ ከቶ እቲ ስርዓት ንሓዋሩ ክሕበኣሉ ኣይከለን:: እዚ ክበሃል እንከሎ ግና ንዝተወሰነ ግዜ ናይ ውሱናት ግሩሃት ልቢ ክሰልብ ኣይከኣለን ማለት ኣይኮነን:: ኣብዚ ሓደ ክስገር ዘይግበኦ ኣብ ግዜ ነጻነት ዝተፈጸመ ቅያን ጅግንነትን ኣይዘረበሉ ኣይኮናን ንብል ዘለና:: እንታይ ደኣ ነቲ ዝጽበየና ናይ ድሕሪ ነጻነት ለውጥን ምዕብልናን ተኪኡ ኣብ ዝሓለፈ ፍጻመ ጥራይ ከነኹድድ ክንነብር ኣይግበኣና ንምባል ዝኣክል እዩ::

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግዜ ነጻነት ኣብ ኩሉ መዳያት ሕሰምን መከራን ኣሕሊፉ እዩ:: ጠምዩ፡ ዓሪቑ፡ ሓሚሙ፡ ከምኡ'ውን ተሰዲዱ:: ብዘይካ'ዚ ብሰንኩ ንመሰሉን ነጻነቱን ምቅላሱ በቶም ናይ ሽዑ



ገዛእትን ወጻዕትን ተኣሲሩ ተመቍሑን ኩሉ ንብረቱ በሪሱን:: እንተኾነ እዚ እቲ ህዝቢ ፈትዩ ብናቱ ምርጫ ዝኸፈሎ ዋጋ ስለ ዝነበረ ኣየጠዓሶን ኣየሰንበዶን:: እኳደኣ እናሓደረ ኣሕረኖ'ሞ ናጽነቱ ከም ዝዓትር ኣኽኣሎ:: መሪር ዋጋ ምእንቲ ነጻነት ንህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ኣብ ግዜ ቃልሲ ዘሕለፎ ሓሳረ-መከራ ንከውጸኦ እምበር ከም ናይ ንሓዋሩ ህይወቱ ዝተቐበሎ ኣይነበረን:: እዚ ማለት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግዜ ነጻነት ዘማዕድዎ ራህዋ ስለ ዝነበሮ እዩ ተቓሊሱ::

ስርዓት ህግደፍ ግና ንህዝብና ናይ ግዜ ነጻነት ቁስሉ እናጐደአ ኣብቲ ህይወት'ቲ ክንብሮ ይደሊ:: ምእንቲ ነጻነት ናይ ዝተሰውኡ ደቁ እናዘከረ ንዕኡ ዘይእዘዝ ከም ንሕድሪ ስዉኣት ዝኸሓደ ክገልጾ ይደሊ:: ነዚ ንምዕዋት እቲ ስርዓት ዘይፍንቅሎ እምኒ የብሉን:: እንተኾነ ኩሉቲ ኣብዚ መዳይ ዝብሎ ንድሕሪት መሊሱ ናይ ታሪኽ እሱር ዝገብር እምበር ንቕድሚት ዘመዓዱ ኣይኮነን:: ኮታ ከምዚ ከለቅሕ ዘይደሊ ነጋዳይ "ልቃሕ ጽባሕ" ዝብል ጽሑፍ ለጢፉ ዘየለቅሕ ምኽኑ መልእኽቱ ዘመሓላልፍ፡ እነሆ ድማ ስርዓት ህግደፍ "ሎሚ ስራሕ ራህዋ ጽባሕ" እናበለ ንህዝብና መወዳእታ ኣብ ዘየብሉ ናይ ራህዋ ሕልምን ተስፋን የንብሮ'ሎ:: ህዝቢ ጠሚና ወይ ዕዳጋ ከቢሩና እንተበለ ነቲ ናይ ግዜ ነጻነት ናይ ሕሰም ፋይላት እናውጸአ እዚ ንኤርትራዊ መዓስ ሓድሽ ኮይኑ እናበለ ይባጭወሉ:: ኣብታ ዘምጻእናልኩም ስማዊት ነጻነት ምጥማይኩም ሓላል እዩ እናበለ ይሰብኽ:: ወረ ንሓንሳብስ ድሕሪ ነጻነት'ውን ካብቲ ናይ ቅድሚ ነጻነት ግዜ ከፊኡና እምበር ኣይሓሸናን ንዝበሉ ከም ኣንጻር ነጻነት ዝተሰለፉ ኣምሲሉ ከቕርቦም ዝፍትነሉ ግዜ ኣሎ::

ሎሚ ኣብ ኤርትራ ፍትሒ የለን:: ዝተኣስሩ ሰባት ብቤተሰቦም ኮነ ብማሕበር ቀይሕ መስቀል ኣይረኣዩን እዮም:: ድሕሪ ማእሰርቲ ናብ ቤት ፍርዲ ቀሪብካ ፍትሒ ምጽባይ ዘይሕሰብ እዩ:: ስለምንታይ

ከምዚ ይኸውን ንዝበሉ ዝወሃቦም መልሲ ድማ ካብቲ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ዝፍጸም ዝነበረ ፋይላት እናገንጸልካ ደርግስ ይኣስረኩምን ይመቑሓኩምንዶ ኣይነበረን ዝብል ብሂል'ዩ። ስርዓት ህግደፍ በዚ ኣበሃህላኡ ንህዝቢ ኤርትራ ሕጂ'ውን ኣብቲ ንክርህወካ ዝተቓለስካዮ ወጽዓን በደልን ንበርዩ ዝብሎ ዘሎ። እዚ ምባሉ ድማ ነቲ ህዝብና ዝኸፈሎ መስዋእቲ ዋጋ ምኽላእ ካብ ምዃን ሓሊፉ ካልእ ትርጉም የብሉን። ኮታ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ክንዲ ናብ ራህዋ ዘማዕዱ ኣብቲ ህዝብና መሪጽዎ ዘይኮነስ  መተካእታ ስለ ዘይነበሮ ዝሓለፎ ዝነበረ ናይ ግዜ መግዛእትን ቃልስን ሕሰም ክነብርዩ ብናይ ቀደም ሎሚ ግና ዘየገልግል ፍጻመታት ዒቕ ክሳብ ዝብል ዓቕሉ ዘጽብበሉ።

ዋላ'ኳ ኩነታት ስለ ዘየኽኣሎ ኣፍ ኣውጺኡ ተዘይተዛረበ ህዝብና ሎሚ ነዚ ተግባራት ስርዓት ህግደፍ "እሞ መዓስ ብናይ ዓሚ ብዕራይ ይሕረስ ኮይኑ፡ ግዜ ነጻነትን መዋእል መግዛእትን ምውድዳርከ እንታይ ኣምጸኦ?" ካብ ዝብሎ ነዊሕ ግዜ ኮይኑ እዩ። ስርዓት ህግደፍ እውን ካብዚ ሓሊፉ ዝሓሸ ከምጽእ ባህሪኡ ስለ ዘይፈቕደሉ እንተዘይኮይኑ ሎሚ ምስሉ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኤርትራ እንታይ ይመስል ከም ዘሎ ይዝንገዖ እዩ ዝብል ግምት የብልናን። እንተኾነ ሓንሳብ ኣብ ናይ ጸረ-ህዝብን ገበነኛን ባሕሪ ስለ ዝሓንበሰ ብናይ ህዝቢ ናይ ቃልሲ ማዕበል ክጽረግ እምበር ኣበሩ ኣሚኑ ወገን ህዝቢ ክኸውን እትጽበዮ ጉጅለ ኣይኮነን።

እቲ ካልእ ህዝብና ንምዕሻው ስርዓት ህግደፍ ዝጥቀሞ ሜላ ህዝቢ ኣብ ክንዲ ንቕድሚት ናብ ዝሓሸ ህይወት ዘማዕዱ ንመነባብሮኡ ኣብ ኩሉ መዳያት ምስ ካብኡ ዝኸፍአ ናይ ካለኦት ሃለዋት ጥራይ ንከወዳደር ይሻብቦ። ታሪኽን ተመኩሮን ናይ ካብ ኤርትራ ዝያዳ ብጥሜት ዝሳቐዩ ወገናት የምጽኣሉ። ካብ ኤርትራ ዝያዳ ደሞክራሲያውን ሰብኣውን መሰላት ዝገሃሰሉ ከባቢታት ሃሰስ ይብል እሞ ካባኻ ዝገደደ'ውን ስለ ዘሎ ንነብስኻ ኣብ ስሓሽ ደረጃ ስራዕ



ይብሎ። ካብ ኤርትራ ብዝኸፈአ ሰላም ዝሓረሞን ብውግእን ወረ ውግእን ዝተበከለ ከባቢታት የምጽእ'ሞ ኤርትራ ደኣ ሳላ ህግደፍ ህድእቲ እንድያ ክበሃለሉ ይደሊ። ሎሚ በዚ ተዓሽዮም ዘይኮነስ ናይቲ ጉጅለ ናይ ረብሓ ተኻፈልቲ ስለ ዝኾኑ "ክፉእካ ኣይትጽላእ ካብኡ ዝኸፍእ ከይመጸካ" ብዝብል ህዝብና ግዳይ ህግደፍ ኮይኑ ንክነብር ዝሰብኩ ውሑዳት የለዉን ማለት ኣይኮነን። እዚ ንድሕሪት እምበር ናብ ቅድሚት ከየማዕዱ ዝተገዝተ ስርዓት ህግደፍ፡ ንኹሉ ካብ ኤርትራ ወጻኢ ዝርአ ዕግርግርን ህውከትን መበቆሉ ሕቶ ደሞክራስን ሰብኣዊ መሰልን እዩ ክብል ዘይሓፍረሉ ኣጋጣሚ'ውን ብዙሕ እዩ። ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ዝተዓወትና ሳላ መሪሩና ከይበልና ጣዕምን መሰልን ከይሓተትና ዝተቓለስና ኢና ተዓዊትና ዝብለሉ ግዜ'ውን ብዙሕ እዩ። እዚ ኣቀራርባ እምበኣር ዝበለየን ምስ ህልዊ ኩነታት ዓለምና ዘይከይድን ናይ ዝሓለፈ ታሪኽ እሱር ናይ ምዃን ሜላ ህግደፍ ዘነጽር ኣብነትዩ።

ስርዓት ህግደፍ ንህዝብና ኣብ ክንዲ ንቕድሚት ናብ ዝሓሸ ዘመዓዱ ኣብ ሕሉፍ ታሪኽ ጥራይ ኣሲርዎ ክነብር ካብ ዝጥቀመሉ መንገድታት እቲ ቀንዲ ጥምዙዝ መደባት ተልቪዥንን ሬድዮን እዩ። በብግዜኡ ዝቐርቡ ብዛይካ ንድሕሪት ንቕድሚት ዘየማዕድዉ ድራማታት ከም ኣብነት ዝጥቀሱ እዮም። ኣብዚ ድራማታት ዕርቃን ጥሜትን ሕማምን ከም መለለዪ ህዝቢ ኤርትራ ክኾኑ እዩ ዝድለ። ኣብዚ ሓደ ከነስተውዕለሉ ዝግበኣና ዋላ'ኳ ስርዓት ህግደፍ ናይ ባህሪ ጉዳይ ኮይንም ኣብ ዝሓለፈ ጽውጽዋይ ክነብር እንተደለየ ናይ ህዝብና ንቕድሚት ናይ ምምዕዳው ተስፋስ ኣይጕተመን።

ስርዓት ህግደፍ ንመጻኢ ራኢ ደፊኑ ኣብ ናይ ዝሓለፈ ታሪኹ ዘሪዑ ኣብ ዝኣረገ ኩነት ከንብሮ ዝደሊ ንህዝብና ጥራይ ዘይኮነስ ምስሉ ኣብ ቅድሚ ሕብረተሰብ ዓለም'ውን በዚ ዝተቓነየ እዩ። ብዛዕባ ዓለም ክዛረብ እንከሎ ካብ ናይ ግዜ ዝሑል ኲናት ቋንቋ ኣይወጸን። ብዛዕባ

ጕረባብቲ ሃገራት ክዛረብ እንከሎ ኩሉ መወከስታቱ ምስ ውግእ ዝተተሓሓዘን ዝሓለፈ ቁስሊ ዝጕድእን እምበር ናብ ቅድሚት ዘማዕዱ፡ ኪኖ ህልኽን ኒሕን ረብሓን ጥዑይ ዝምድናን ህዝብታት ኣብ ግምት ዘእተወ ቅኒት የብሉን። ህዝብን ሃገርን ዝጥቀም ዝሓለፈ ቂምን ቅርሕንትትን ብምጽሕታር ድዩ ወይስ ንሱ ንታሪኽ ገዲፍካ ንቕድሚት ናብ ዝሓሸ ምምዕዳው ዝበሃል ምምዝዛን ኣብ እንዳ ህግደፍ የለን። እዚ የሕዝንን የሕፍርን። በቲ ካልእ ወገን ድማ ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ ንድሑርን ጸቢብን ተግባራት ስርዓት ህግደፍ ተረዲኡ ንቅድሚት ዘመዓዱ ጭርሖታት ከልዕል ምድላዩ ተስፋ ይህብ። በዚ ኢና ድማ ናይቲ ስርዓት ንቕድሚት ዘየመዓዱ ናይ ዝሓለፈ ታሪኽ እሱር ተግባራት ዘብቀዓሉ ግዜ ርሑቕ ኣይኮነን እንብል።

# ሓተታ

## <u>ደንበ ተቓውሞ እናዓኸኹ</u>

ሎሚ ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገርና ካብ ክልተ ኲርነዓት እዩ ዝቃኒ። በቲ ሓደ ወገን ብስርዓት ህግደፍ ይካየድ ብዘሎ ናይ ሞትን ሕየትን ናይ ህልውና ጉዳይ። በቲ ካልእ ወገን ድማ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ፖለቲካዊ ውድባቱን ሲቪካዊ ማሕበራቱን ዘካይዶ ዘሎ ካብ መቑሕ ህግደፍ ናይ ምውጻእን ናይ ደሞክራሲያዊ ለውጥን ቃልሲ እዩ። ካብቲ ኣብ መንጎ እዞም ኤርትራዊ ኣካላት ዘሎ መሰረታዊ ፍልልይ ሓደ፡ ስርዓት ህግደፍ ንህላወ ኣንጻሩ ዝተሰለፉ ናይ ለውጥን ቃልስን ሓይልታት ክሓብእ ዝፍትን ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ናይ ለውጢ ሓይልታት ግና ንስርዓት ህግደፍ ከም ሓደ ታሪኽ ክሒዱ መሰል ህዝብና መንዚዑ ብጉልበትን ዓመጽን ዝገዝእ ዘሎ ጉጅለ ፈሊጡ ንምዕናዉን ብደሞክራሲያዊ ሓይሊ ንምትክኡን ዝቃለስ ዘሎ ምዃኑ እዩ። ናይ ስርዓትት ህግደፍ መንነት ካብ ዝግለጸሉም ኩነታት እቲ ቀንዲ ኣብ ባይታ ንዝርአ ተረኽቦ ክሒዱ ብዘየለ ልቢ-



ወለድ ዝሰርሕ ምዃኑ ብዙሓት ኣጽናዕትን ተመራመርትን ኣረጋጊጸምዎ እዮም። ከምኡ ስለ ዝኾነ እዩ ድማ ንሱ እቲ ስርዓት ዝገብሮን ህዝብና ዝጽበዮን ኩሉ ግዜ ከብድን ሕቖን ዝኸውን።

ካብዚ ትዕቢቱ ስለ ዝነቅል ድማ ኣብ ጉዳይ እንታይነትን መንቀልን ተቓወምቲ ውድባት ክሕተት እንከሎ ኣላታን ዘየብላን ካብቲ "ድሕሪ ሕጂ ናይ ውድባት ሓሸውየ የለን" ዝበሎ ህውታተ እናነቐለ "ኣብ ኤርትራ ተቓውሞ ዝበሃል የለን" ክብል ዝጸንሓን ዝብል ዘሎን። ምናልባት ሓደ ሓደ ግዜ ዘረባ ክመልቆን ሓቂ ክደፍኦን እንከሎ ድማ ነተን ውድባት ብሓፈሻ ብናይ ወጻኢ ሓይሊ መሳርሕነት ብፍላይ ድማ ከም ናይ ኢትዮጵያ ድሌት ፈጻምቲ ገይሩ ይገልጸን። ግደ ሓቂ ንምዝራብ ግና እዚ ኣካይዳ'ዚ ስርዓት ህግደፍ ኣብዛ ንነብርላ ዘለና ዓለም ዘይኮነስ ኣብ ናቱ ዕጽውቲ ዓለም ይነብር ከም ዘሎ ዘምልከት እዩ። ምናልባት እዚ ብዛዕባኡ ንዛረብ ዘለና ጸይቂ ስርዓት፡ ንውድዕነት ኤርትራ ብፍላይን ንዓለማዊ ኩነታት ብሓፈሻን ዝቕበል ቀልቢ ተዝህልዎ፡ ኣይኮነንዶ ናይ ተቓውሞ ህልውና ዝኣክል ግዚፍን ህዝባዊ ባይታ ዘለዎን ተረኽቦ፡ ናእሽቱ ፍጻመታት እውን ኣብ ዘይሕብእሉ ዓለም ንርከብ ምህላውና መተረድአ'ሞ ካብ ክሕደቱ መተበራበረ። ንስርዓት ህግደፍ ካብቶም ከምኡ ዝኣመሰሉ ካለኦት ዲክታቶራት ዝኸፈአ ዝገብሮ ድማ እዚ ከሓዲ ተግባራቱ እዩ። ሎሚ ስርዓት ህግደፍ ዓለም ብምሉኣ ትርእዮ ንዘላ ኤርትራዊ ሓቂ ክሓብእ ብምፍታኑ ጥራይ መዛረቢ ኮይኑ ኣሎ። በዚ ዓቕሉ ምስ ጸበቦ ናብ ታራ መስሓቕ ተዓዚብቲ ዝወድቀሉ ኩነታት እውን ኣሎ። ንኣብነት ኣብዚ ቀረባ ግዜ ብናይ ሮይተርስ ጋዜጠኛ ኣብ ጉዳይ ዋሕዚ መንእሰያት ናብ ዝተፈላለያ ሃገራት ተሓቲቱ " ናብ መዘናግዒ መገሻ እዮም ዝኸዱ ዘለው'ሞ ሓደ እዋን ክምለሱ እዮም " ዝበሎ ብኣብነት ይጥቀስ።

ኤርትራውያን ደለይቲ ለውጢ ብደረጃ ፖለቲካዊ ውድባት ኮነ ሲቪካዊ ማሕበራት ብወገኖም ብዝተፈላለየ መልከዓትን ኣብ ዝተፈላለየ ከባብታት ዓለምን ጸረ-ህዝቢ ኣበሳ ስርዓት ህግደፍ ንምቅላዕ ዘካይድዎ ዘለዉ ቃልሲ ዓወታት የመዝግብ ኣሎ። እቲ ስርዓት ህግደፍ ፖለቲካዊ መድረኽ ኤርትራ ከም ናቱ ብሕታዊ ንብረት ወሲዱ፡ እንተደለየ ዘንውሖ ወይ ድማ ዘጽብቦን ዘሕጽሮን ዝመስሎ ዝነበረ ሎሚ ተቐይሩ እዩ። ሎሚ ኣብ ዓበይቲ ፖለቲካዊ መነሃርያታት ዓለም ዝኾና ከተማታት ኤርትራውያን ዘቃልሕዎ ናይ ለውጥን ሰላምን ምሕጽንታ ተቐባልነት ረኺቡ ተቓውመኦም ብሰላማዊ ሰልፍታትን ፍሉይ ኣኼባታትን ይገልጹ ኣለዉ። በዚ ዘይሕለል ቃልሲ ደለይቲ ሰላም እምበኣር ሓባኢ ባህሪ እቲ ስርዓት ምቅልዑ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ በበይኑ ክፍልታት ዓለምና ዝርከቡ ትካላት ተሓለቕቲ ኲሉ ዓይነት መሰላት ብዛዕባ ህልዊ ኩነታት ኤርትራ ርቡሕ ሓበሬታ ኣለዎም። ከም ማሕበር ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት፡ ህዩማን ራይትስ ዎች፡ ላዕለዋይ ኮሚሽን ጉዳይ ስደተኛታትን ኮሚተ ምክልኻል መሰል ጋዜጥኛታትን በብግዜኡ ዘውጽእዎ ንስርዓት ህግደፍ ዘቃልዕ ጸብጻባት ክበራታዕ ዝግበኦ እዩ። እዚ ግና ሕጂ'ውን እኹል ኣይኮነን። እዞም ግናይ ባህርያት ስርዓት ህግደፍ ዝተረድኡ ኣካላትን ትካላትን ብዘይምቁራጽ ኣካል ናይቲ ደሞክራሲያዊ መተካእታ ንምምጻእ ንገብሮ ዘለና ቃልሲ ክሳብ ዝኾኑ በቲ ጀሚርናዮ ዘለና ቀጻሊ ማዕበል ክንደፍእ ከድልየና እዩ።

ኣብዚ ክንርስዖ ዘይግበኣና ሓቂ ግና ኣሎ። ዓለም ለኻዊ ተጽዕኖ ደጋፊ እምበር እቲ ወሳኒ ለውጢ ናይ ምምጻእ እጃምስ ኣብ ኢድና ኣብ ኢድ ኤርትራውያን ዘሎ ታሪኻዊ ሓላፍነት እዩ። ኤርትራውያን ከም ቃልሲ ንነጻነት ንቃልሲ ምእንቲ ምውሓስ ኩሉ መሰላትን ሰላምን'ውን ክንወራረሰሉ ዝግበኣና እዩ። ስለምንታይ ኣብ ገዛእ ሃገርካ መሊእካ ዘይምርጋጽን መሊእካ ዘይምዝራብን ክውገድ ዘለዎ ሓደ ካብ መርኣያታት መግዛእቲ ስለ ዝኾነ። ቀጻልነት ኣብ ምዕዋት



ቃልሲ ናቱ ግደ ስለ ዘለዎ ቃልስና ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ቀጻልን ትንፋስ ዘይህብን እምበር ሕዝ ግድፍ ክኸውን ኣይግበኦን። ካብዚ ቀረባ እዋናት ጀሚሩ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ዝተፈላለያ ከተማታት ኤውሮጳ፡ ኣወስትራሊያን ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝርከባ ዝተፈላለያ መደበራት ስደተኛታትን ዝካየዱ ዘለዉ ሰላማዊ ሰልፍታትን መሰል መግለጺ ተቓውሞ ኣንጻር ስርዓት ህግደፍን ቀጸልቲ ክኾኑ ይግባእ። ጽልዋ ስርዓት ህግደፍ እናሃሰሰ ድምጺ ተቓውሞ ድማ ብኣንጻር እናሰሰነ ክኸይድ እንከሎ እቲ መልእኽቱ ምድኻም ስርዓት ህደፍ ጥራይ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ ናትና ናይቶም እንቃወም ዘለና ሓላፍነት እናዓዘዘን እናኸበደን ዝኸይድ ምዃኑ ምስትውዓል ከድልየና እዩ።

ስርዓት ህግደፍ ኣብ ኤርትራ ንዘሎ ጥሕሰት ሰብኣውን ደሞክራሲያውን መሰላት ጥራይ ዘይኮነስ እንተላይ ንጥሜት'ውን ክሓብእ ካብ ዝፍትን ነዊሕ ግዜ ኮይኑ እዩ። እንተኾነ ሎሚ ሳላ ኤርትራውያን ነቲ ስርዓት ንምቅላዕ ዝገብርዎ ዘለዉ ቃልስን ሕብረተሰብ ዓለም ንጸዋዒት ኤርትራውያን ዝሃቦ ቀልብን ደጊም ስርዓት ህግደፍ ከም ብሕታዊ ንብረቱ ብምስጢር ሒዝዎ ዝነብር ኤርትራዊ ኩለመዳያዊ ክውንነት የለን። እዚ ጥራይ ኣይኮነን ስርዓት ህግደፍ ነቲ ኣብ ኤርትራ ተዘሚቱ ዘሎ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ መሰል ክሓብኦ ፈቲኑ እዩ። እንተኾነ ሎሚ እዚ ኩሉ ምስጢራት ናብ ዓለማዊ ቅርዓት ወጺኡስ ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ብሕታዊ ፕረስን ሓሳብካ ናይ ምግላጽ መሰልን ዝተነፍገን ሃገራት ምዃና ኣብ ቅርዓት ዝወጸ ሓቂ ኮይኑ ኣሎ።

ስርዓት ህግደፍ ናይ ፖለቲካዊ እሱራት የብልናን። እቶም እሱራት ሰረቕትን ሃገር ስለ ዝኸድዑ ብገበን ዝሕተቱን እምበር ፖለቲከኛታት ኣይኮኑን ዝብል ናይ ሸፈጥ መኸተ ከቕርብ ይፍትን እዩ። እንተኾነ በዚ ገበንዚኸ ናብ ፍርዲ ዘይቀርቡ'ሞ መቕጻዕቶም ዘይፈልጡ?

ዝብል ሕቶ ክቐርቦ እንከሎ ከምቲ "ሕኑቕ እንታይ የውጽእ ዓፍራ" ዝበሃል ኣባታዊ ብሂል መልሲ የብሉ። ቅድሚ ዝተወሰነ ዓመታት ዋላ ውሽጡም ኣንጻር ህግደፍ እንተኾነን ናይ ለውጢ ተረባሕቲ እንተነበሩን ብዝተፈላለየ ግዚያዊ ረብሓን ማሕበራዊ ኩነታትን ምስ ስርዓት ህግደፍ ዝደናገጹ ውሱናት ዜጋታት ነይሮም እዮም። እንተኾነ ምስ ስርዓት ህደፍ ምምስሳልን ምቅብጣርን ብዘይካ ታሪኽካ ምብልሻው ካልእ ትርጉም ከም ዘየብሉ ስለ ዝተረድኡ ናብቲ ናይ ለውጢ ደንበ ይጽንበሩ ኣለዉ። በዚ መሰረት እቲ ኣብ ኣዕናዊ ናይ ፕሮፓጋንዳ መጥቃዕቲ ደረጃ ኮይኑ ክሳብ ምስ ሓይልታት ጸጥታን ፖሊስን ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት እናተጋጨወ በጋሚዶ ኣዋፊሩ ናይ ተቓወምቲ ናይ ኣኼባ ኣደራሻትን ሰላማዊ ሰልፍታታን ዝዘርግ ዝነበረ ስርዓት ህግደፍ ሎሚ ጭርሑ ድጉሉ ናብ ድኹም ናይ ምክልኻል ደረጃ ወሪዱ ኣሎ። በዚ መሰረት ድሕሪ ሕጂ ፖለቲካዊ ተቓወምቲ የብለይን እንተ ኢሉ ንትዕዝብቲ ክቃላዕ እምበር ሰማዒ ክረክብስ ከቶ ዘይከኣል እዩ።

ስርዓት ህግደፍ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣምታት ናይ ኣኼባን ፈስቲቫልን ብዘይካ ህጻናትን ዝተወሰኑ ናይ ጓይላን ትልሂትን ወልፊ ዘለዎምን ዘይክውንነታዊ መደረታቱ ክሰምዕ ዝመጽእ ተሳታፊ ኣብ ዝስእነሉ ደረጃ በጺሑ ኣሎ። እቲ ሓደ እዋን ወይ ኣብ ኤርትራ መስርሕ ገዛ ዝኸውን መሬት ንምርካብ ወይ ድማ ኣብ ናይ ቤተሰቡ ሓጐስን ሓዘንን ምእንቲ ክሳተፍ ምስ ስርዓት ህግደፍ ዝደናገጽ ዝነበረ ክፍሊ 2% ኤርትራዊ ሎሚ ናብ ልቡ ተመሊሱ ኣብ ጕኒ እቲ ዘይተርፍ ሓቂ ክስለፍ ኣብ ዝግደደሉ ደረጃ በጺሑ ይርከብ። እዚ ብዘይ ዋጋ መዓልቱ ቆጺሩ ጥራይ ዝተመዝገብ ዓወት ዘይኮነስ ውጽኢት ናይቶም ኣብ መስርሕ ቃልሲ ምእንቲ ሰላምን ደሞክራስን ኣብ ኤርትራን ተጸሚዶም ዘለዉ ውድባት፡ ሲቪካዊ ማሕበራትን ጉጅለታትን ዝተመዝገበ እዩ። በዚ ኣጋጣሚ እምበኣር እቶም ኣንጻር ህግደፍ ዝቃለሱ ዘለዉ ኤርትራዊ ወገናት ፍረ ጻዕሮም ክሪኡ



ጀሚሮም ኣለዉ'ሞ ክሳብ ፍጹም ዓወት ኣብ ጕኒ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ቃልሶም ክቕጽሉ ንጽውዕ።

# ዜናታት

ጀጋኑ ተጋደልቲ ዲምሓኩኤ ክልተ ናይ ጸላኢ መካይን ካብ ስራሕ ወጻኢ ገይሩ። ብዕለት 27/10/2009 ኣብ መንጎ ባረንቱን ሞጎሎን ኣብ ጥቃ ጎቦ ሆና ካብ ባረንቱ ንኣቑርደት ትኸይድ ኣብ ልዕሊ ዝነበረት መኪና ብኣርፒጂ መጥቃዕቲ ፈጺሙ። እታ መጥቃዕቲ ዝተፈነዋ መኪና ትዮታ ዝዓይነታ በዓል ክልተ ገቢና ኮይና፡ ሕብራ ሓመዳውት እያ። እዚ መጥቃዕቲ ሰዓት 9፡00 ናይ ለይቲ እዩ ተወሲዱ።

<u>ዝወረደ ኪሳራ</u> ፡- ብኣርፒጂ ፍት ንፍት ተወቂዓ ሙሉ ብሙሉእ ብሓዊ ተታሒዛ 25 ሜትሮ ምስ ተጎዓዘት ብቢንቶ ጸዲፋ ሙሉ ንሙሉእ ከም ዝተሓመሸሸት ተረጋጊጹ። እዛ መኪና ምስ ጸደፈት ኣውያትን ካብታ መኪና ወጺኦም ናይ ዝሃደሙ ድምጺ ከምዘየለ ድሕሪ ምርግጋጽ ጀጋኑ ተጋደልቲ ዲምሓኩኤ ንቦትኦም ክምለሱ እንከሎው፡ ሰዓት 9፡10 ምስ ኮነ ኣብቲ ቦታ ሰራዊት ህግደፍ ሓገዛት ንምግባር ከም ዝመጹን ኣብ ባዶ ቦታ ብክላሽን ብሬንን ዝተሰነየ ተኹሲ ከም ዘካየዱን ክሳብ ሰዓት 10፡00 ድምጺ ጠያይት ይስማዕ ከም ዝነበረ ተፈሊጡ።

ብተመሳሳሊ ዜና ኣብ መንጎ ዶኪንቢያን ኣንጉሉን ብዕለት 25/10/2009 ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ማርቸዲስ መኪና ብፈንጂ መጥቃዕቲ ተወሲዱ እታ መኪና እውን ሙሉ ንሙሉእ ከም ዝተሓምሸሸት ተፈሊጡ። ኣብዛ ማርቸዲስ መኪና ካብ 30-40 ዝኾኑ ስለያ ሰራዊት ሻዕቢያ ናይ ቦታ ምቅይያራት ንክገብሩ ኣብ ዝዳለውሉ ዝነበረ እዋን ዝተወስደ በርቃዊ መጥቃዕቲ እዩ። ድሕሪ እዚ ዕውት መጥቃዕቲ ጀጋኑ ተጋደልቲ ዲምሓኩኤ ዓወቶም ሓፊሶም ንቦትኦም ብሰላም ከም ዝተመልሱ እታ መርበብ ሓበሬታ ሓቢራ። (መሰል ብሄራት)

@@@@@@@@@@@@@@@@@

ብ 11 ጥቅምቲ 2009 ኣብ ከተማ ካርልስሩሀ ሃገረ ጀርመን ኣኼባ ኣካየድቲ ሽማግለታት ናይተን ኣባላት መርበብ በርገሳውያን ማሕበራት ኣብ ኤውሮጳ ዝኾና ኤርትራዊያን በርገሳውያን ማሕበራት ተኻይዱ:: ኣብ'ቲ ኣኼባ'ቲ ዝተሳተፉ ወከልቲ ማሕበራት፡ ንጉዳይ ሃገርናን ህዝብናን ዝምልከት ዛዕባታት ዘትዮም ኣንጻር'ዚ ገፋዕን ሕጊ ኣልቦን ዝኾነ ጉጅለ ህ.ግ.ድ.ፍ. ኣትሪሮም ክቃለሱ ከምዝኾኑ ኣረጋጊጾም ሓበራዊ ስርሓት ብቐጻሊ ንምክያድ ብምስምማዕ መደባት ሰሪዖም:: ንዘይተመልአ ናይ ቅድም መደባት ብምምላእ በርገሳዊ ምንቅስቓሶም ንውሽጣዊ ጉዳያት ይኹን ምስ ህዝብን ዝተፈላለዩ ሕብረተሰባዊ ክፍልታትን ክህልዎም ዘለዎ ዝምድናታት ንምፍጣርን ንምድልዳን ሰፊሕ በርገሳዊ ምልዕዓላት ዝፍጸመሉ ሃዋህው ንምስፋን ዝከኣል ዓቕሚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ዘድሊ ጻዕርታት ከካይዱ ተረዳዲኦም::

እዘን ኣብ ሃገር ጀርመን ዝመሰረተን ኤርትራውያን በርገሳውያን ማሕበራት፡ ምስ ደምበ ተቓውሞ ኰይነን ከበርክትኦ ዝጸንሓ ስረሓት ድሕሪ ምምዛን ንመጻኢ ኣብ ምሕያል እዚ ደምበ'ዚ ምስ ኩሎም ምእንቲ ኣብ ሃገርና ስርዓተ ሕጊ ክትከልን ሰብኣውን ዲምክራስያውን መሰላት ህዝብና ክረጋገጽን ዝቃለሱ ሃገራውያን ሓይልታት ብምትሕብባር ኣንጻር መላኺ ስርዓት ህግደፍ ሰፊሕ ናይ ተቓውሞ ምልዕዓላት ክካየድ ንጡፍ ተረኣን ክጻወታ እቶም ወከልቲ ተረዳዲኦም:: እዚም ተሳተፍቲ ነቲ ስርዓት ህግደፍ ንማሕበራት መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ከም መእከቢ ገንዘብን መናውሒ ዕድመ ስልጣኑን ዝጥቀሞ ተንኮል ኮኒኖም፡ ኣባላት ማሕበር መንእሰይ ኤርትራን ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራን፡ መሳርሒ መላኺ ጉጅለ ህግደፍ ብምኳን ንመጨቆንን መቕዘፍን ህዝቦም ዝኸውን ገንዘብ ካብ ምእካብ ክቑጠቡን፡ ናይ ኣብያ ተቓውሞኦም ብምርኣይ፡ ኣንጻር ጨቋኒ ጉጅለ ህግደፍ ክቃለሱን በቲ ኣጋጣሚ ንህዝባውን ዲምክራስያውን ተበግሶ ክለዓሉ ንጽውዕ ኢሎም:: (ኣስማሪኖ)



@@@@@@@@@@@@@@@@@

ኤርትራውያን ተኸተልቲ እምነት ፕሮቴስታንት ነታ ሃገር ይመርሕ ብዘሎ ስርዓት ህግደፍ ስቓይን መሪር መነባብሮን የገጥሞም ኣሎ:: ኦፐን ዶርስ (open doors) ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ ከም ዝጸብጸቦ ሓይልታት ጸጥታ ናይ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ንመንበሪ ገዛ መራሒ ወንጌላዊት ቤተክርስትያን ኣስመራ ፓስተር ተወልደ ሓይሎም ብሃንደበት ብምፍታሽ ን3ተ ተኸታተልቲ እቲ እምነት ዓፊኖም ወሲዶሞም:: እቲ ፓስተር ከቢድ ጸገም ጥዕና ስለዘለዎ ክወስድዎ'ኳ እንተዘይክኣሉ ካብ መንበሪ ገዛኡ ኣውጺኦም ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ክጸንሕ ከምዝገበሩዎ ተፈሊጡ'ሎ:: እቶም ካብ መንበሪ ገዛ ፓስተር ተወልደ ዝተወሰዱ ሰባት ተሓጋጋዚ እቲ ፓስተር ዝኾነ ፓስተር ሳሙኤል ዑቑበ፡ ሰናይት ተኽለን ገብረብርሃነ ክፍለን ክኾኑ ከለው ብድሕሪኦም ድማ ብስራት ገብራይ ዝተብሃለት ዜጋን ካልኦት ኣስማቶም ዘይተፈለጡ 6 ኣመንቲ ፕሮቴስታንትን ብሓይልታት ጸጥታ ስርዓት ህግደፍ ከምዝተወሰዱ እቲ ጸብጻብ ገሊጹ'ዩ::

መራሒ ህግደ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት ዓመተ 2009 ንሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ ቃል- ንሕና ትማሊ ዝተወለድና ቆልዑት ኣይኮንናን ብዛዕባ ናጽነት ዝኾነ ይኹን ኣካል ክምህረና ኣይንጽበን ተቃውሞ ንምብዳህ ትገብሮ ቃልሲ ምስ ሰብኣዊ መሰልን ናይ ሃይማኖት መሰልን ዘራኽብ የብሉን ክብል ሓጪጩ ምንባሩ ከኣ እታ መርበብ ሓበሬታ ኣዘኻኺራ :: ኣብዚ እዋንዚ ብሰንኪ ዝኽተልዎ እምነት ብመንግስቲ ኢሳይያስ ዘይተፈተወሎም ልዕሊ 2800 ኤርትራውያን ፈቆዶ ኣብያተ ማእሰርቲ ብሓይልታት ጸጥታ ስርዓት ህግደፍ ተዳጒኖም ከምዝርከቡን ብውሑድ 10 ካብኣቶም ብሰንኪ ሕማምን ግቡእ ኣተሓሕዛ ምስኣንን ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ከም ዝሞቱ እቲ ዜና ብተወሳኺ ገሊጹ'ዩ:: (open doors)

@@@@@@@@@@@@@@@

ከም መቐጸልታ፡ ናይ’ቲ መሬት ካብ ህዝቢ ናይ ምምንዛዕ ፖሊሲታት ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ገማግም ሩባታት ጋሽን ባርካን ጀራዲን ንዝነበሮም ዜጋታት፡ ካብ’ቲ ገማግም 700 ሜተር ክርሕቁ ከም ዝኣዘዘ ተሓቢሩ። በቲ ዜና መሰረት እቲ ስርዓት ነዚ ውሳኔ’ዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ንብረቶም ኣልዒሎም ካብ’ቲ መሬቶም ዝርሕቅሉ ናይ ግዜ ሰሌዳ ገይርሎም ኣሎ። ብመሰረት’ቲ ናይ ግዜ ሰሌዳ፡ ካብ ወርሒ ጥቅምቲ 2009 ጀሚሩ፡ ወነንቲ ናይ ኣሕምልቲ ጀራዲን ዝኾኑ ዜጋታት ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ፣ ወነቲ ናይ ፍረታታት ጀራዲን ዝኾኑ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ዓመት ካብ ቦታኦም ክለቁ ተባይንዎም ኣሎ።

ካብ ገማግም ናይ’ቲ ሩባታት ርሓቑ ማለት፡ ካብ ማይን ፍርያም ዝኾነ መሬትን ርሓቁ ማለት ስለዝኾነ፡ በዚ ውሳኔ’ዚ መነባብሮ ናይ ማእለያ ዘይብሎም ብጀራዲን ዝነባበሩ ዝነበሩ ኤርትራውያን ዜጋታትን ሰራሕተኛታትን ክበላሾ ምዃኑ እቲ ዜና ጠቒሱ፡ ስርዓት ኢሳያስ፡ ነዚ ኣብ ግምት ብምታው፡ ወይ መነባብራኦም ዘካይድሉ መሬት ወይ ድማ ካሕሳ ኣይሃቦምን። እቲ ናብ ሱዳን ዝለኣኽ ዝነበረ ኮሚደረን ሽጉርትን ውን፡ እዞም ሰብ ጀራዲን እዚኣቶም ዘፍርይዎ ዝነበሩ ምዃኑ ኣብቲ ዜና ተሓቢሩ። ስርዓት ህግደፍ ንዜጋታት ካብ ሓደ ከባቢ ናብ ካልእ ከባቢ ብምግዓዝ ንዝወሰዶ ስጉምቲ ብዝተፈላለዩ ኣካላት ሓያል ተቓውሞ ይገጥሞ ከም ዘሎ ዝዝከርዩ። (ንሓርነት)

@@@@@@@@@@@@@@

ብሰንክ’ቲ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊኦም ዘውርዶ ዘሎ በደልን ምግሃስ ሰብኣውን ደሞክራሲያውን መሰላት ናይ ኤርትራውያን ዋሕዚ ናብ ስደት ሎሚ’ውን ቀጺሊ’ሎ። እቶም ዝስደዱ ዘለዉ ኤርትራውያን ብደረጃ ስራሕ ኣብ ኩሉ መዳያት ስረሓት ተዋፊሮም ዝነበሩ ክኾኑ እንከለዉ ብዝሒ ናይቶም መሳርያም እናገደፉ ዝስደዱ ዘለዉ ወተሃደራት ቁጽሪ ድማ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ይዛይድ ከም ዘሎ ካብ ዝተፈላለዩ ኤርትራውያን ዝዕቆብሎም መደበራት ዝተረኽበ ሓበሬታታት የመልክት። እዞም ዝስደዱ ካብ ኩሉ ናይ ዕድመ



ጽፍሕታት ኮይኖም ብደረጃ ስድራቤት መረበትካ ለቒቕካ ናይ ምስዳድ ጉዳይ ድማ ይበዝሕ ከም ዘሎ ካብቲ ንስደተኛታት ብዝምልከት ዝዝርጋሕ ዕለታዊ ጸብጻባት ምርዳእ ይከኣል። ንብዝሒ ናይቶም ስደተኛታት ብዝምልከት ከም ኣብነት ኣብ ምብራቕ ሱዳን ኣብ ዝርከብ መደብር ሽገራብ ዝተመዝገቡ ካብ መጀመርያ 2009 ክሳብ ቀዳማይ ሰሙን ወርሒ ሕዳር 2009 ጥራይ 18,247 ከም ዝበጽሓ ምጥቃስ ይከኣል።

ሎሚ ኣብ ከባቢ ኤርትራ ብብዝሒ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝርከቡለን መደብራት ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከባ ሽመልባ፡ ማይዓይኒ በራሕለን ኣስሓይታን ክኾና እንከለዋ፡ ኣብ ሱዳን ድማ ሽገራብ እዩ። ብሓፈሻ ግና ዳርጋ ይውሓዱ ይብዝሑ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘይብላ ሃገር የላን ኣብ ዝበሃለሉ ደረጃ ተበጺሑ ከም ዘሎ ዝተፈላለዩ ናይ ሰብኣዊ ትካላት ጸብጻባት ይሕብሩ። እቲ ህልዊ ናይ ኤርትርውያን ናይ ስደት ኩነታት ፍሉይ ዝገብሮ ድማ ኤርትራውያን ዓቕሎም ጸቢብዎም ዘይውሑስ ስጉምትታ ክወስዱ እንከለዉ ብብዝሒ ኣብ ጉዕዞ ይመቱ ምህላዎም እዩ። ቅድሚ ሒደት ኣዋርሕ ብሓንሳብ ኣብ ባሕሪ ሚዲትራንያን ጥሒሎም ዝመቱ 75 ኤርትራውያን ከም ኣብነት ዝግለጽ እዩ። ስርዓት ህግደፍ በቲ ሓደ ወገን ከም መግለጺ ናይቲ መሪር ጭካነኡ ሕጊ ኣውጺኡ ንኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ዝተረኽብሉ ይርሸኖም ኣሎ።

በቲ ካልእ ወገን ድማ ስርዓት ህግደፍ ካብቲ ንዝኾነ ነገር ከም ናይ ምንጪ ኣታዊ ምጥቃም ዝብል ዓመጸኛ ባህሉ እናተመርሐ ካብ ወለዲ ናይቶም ዝተሰዱ መንእሰያት ክሳብ 50 ሺሕ ናቕፋ ብነፍሲ ወከፍ እናመንዝዐ ነቲ ዝደት ዝይዳ የምርሮ’ሎ።

እዚ ከምዚ’ሉ ኣንከሎ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያን ላዕለዋይ ኮሚሽ ጉዳይ ስደተኛታትን ብዝገበርዎ ጻዕርን ተገዳስነትን ክሳብ ሕጂ ብዙሓት ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ሳልሳይ ሃገር ፖለቲካዊ ዑቕባ ረኺቦም ኣለዉ። እዚ መስርሕ ሕጂ’ውን ቀጻሊ ኣሎ። (ዝተፈላለዩ ምንጭታት)

@@@@@@@@@@@@@@

ኤርትራ ናጽነት ፕረስ ብምግሃስ ካብ ዓለምና እታ መዳርግቲ ዘይብላ ሃገር ከምዝኾነት ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት (ሪፖርተርስ ዊዝ ኣውት ቦርደርስ) ዝዘግሖ ሓድሽ ጸብጻብ ኣረጋጊጹ:: እቲ ትካል ኣብዚ ቀረባ ግዜ ከም ዝገለጾ፡ ኤርትራ ሕጂ'ውን ናጽነት ፕረስ ዝበሃል ዘይፍቀደላን ንመንግስቲ ባህ ዘይብል ዝጸሓፈ ወይ ዘቃልሐ ጋዜጠኛ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተዳጕኑ ዝሳቐየላን ዝማስነላን ሃገር ኮይና ትቕጽል ከምዘላ ምምርጋጋጹ ኣመልኪቱ::

ኤርትራ ናጽነት ፕረስ ብምግሃስ ካብ ዓለምና እተን ዝድሓራ ተባሂለን ካብ ዝተሰርዓ 10 ሃገራት ኣብ መወዳእታ ማለት መበል 175 ከም ዝወጸት እቲ ጸብጻብ ሓቢሩ:: ደንማርክ ኣብ ናይ ዓመተ 2009 መሰል ነጻ ፕረስ ብምሕላው ቀዳመይቲ ኮና:: ካብተን 10 ዝኸፈኣ ጸረ ነጻ ፕረስ ዝተባሃላ ሃገራት ቬትናም፡ የመን፡ ቻይና፡ ላኦስ፡ ኩባ፡ በርማ፡ ኢራን፡ ቱርክመኒስታንን ሰሜን ኮርያን ይርከበአን:: ስርዓት ህግደፍ መሰል ነጻ ፕረስ ምግሃስ ጥራይ ዘይኮነ ብዙሓት ናይ ፕረስ ክኢላታት ኣሲሩ ከም ዘሕቀቐ (ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት)
ዝዝከርዩ::

@@@@@@@@@@@@

ሓንቲ ስማ ዘይተፈልጠት ኤርትራዊት ጓል-ኣንስተይቲ፡ ብ20 ሓምለ 2009 ካብ ኤርትራ ክትወጽኢ ሓሲብኪ ብዝብል ምኽንያት ኣብ ከባቢ ጾሮና እንዳ ሓጂ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ብወተሃደራት ስርዓት ህግደፍ ብጭካኔ ከም ዝተረሸነት ተረጋጊጹ:: ብመሰረት'ቲ ሓበሬታ ነታ ጓልኣንስተይቲ ካብ ኤርትራ ንኽትወጽእ ተሓባቢርካ ብዝብል ተወልደ መድህን ኣበራሃ ዝተባህለ ቆሓይን ዝዓዱ መራሒ ጋንታ ከም ዝተኣሰረ ተፈሊጡ::



እቲ መራሒ ጋንታ ካብ ኣሃዱኡ ምስ ተወስደ ኣበይ ከም ዘሎ ከም ዘይፍለጥ እንተኾነ ካብ ላዕለዎት ሓለፍቱ ብዝወጸ ዕላላት እቲ ተወልደ መድህን ኣብራሃ ዝተባህለ መራሒ ጋንታ፡ ካብ'ታ ዝተረእሸነት ጓል-ኣንስተይቲ ካብ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ንከስግራ ብ35000 ናቕፋ ከም ዝተሰማመዐ ከም ዝኣመነን፡ ስለምንታይ ከምኡ ትገብር ምስ ተባህለ ድማ ‘‘ኣነ ካብ 1989 ጀሚረ ዘገልገልኩ ገዲም ወተሃደር ከነሰይ፡ ኣብ መነባብሮይ ዝኾነ ይኹን ለውጢ ከርኢ ኣይከኣልኩን:: ብ700 ናቕፋ ተደርቢየ ዝበልያ ምስ ሰኣንኩ ኣብ ከም'ዚ ወዲቐ ከም ዝበለን ነቲ ኩነታት ብቐረባ ዝተኸታተሉ ኣካላት ገሊጾም:: እዚ ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ስርዓት ግደፍ ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ ኣብ ወተሃደራት ብላዕን ምጥፍፋእን ሳዕሪሩ ከምዘሎ ዘመልክት ተረኽቦ እዩ:: (ድምጺ ሰ.ደ.ኤ)

@@@@@@@@@@@@

ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ኣከለ-ጉዛይ ብጉልባብ ጸበትን ርቀትን መሬት ብሓይሊ ናብ ጋሽ-ባርካ ዝተጋዕዙ ዜጋታት ኣብ ሕማቕ ኩነታት ከም ዝርከቡ ካብ'ቲ ከባቢ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣፍሊጡ:: እቶም ዜጋታት ኣብኡ ካብ ዝኣተውሉ ግዜ ጀሚሮም፡ ንሕና ናብ ቦታና ክንምለስ ኢና፡ ኣብ'ዚ ዝኾነ ይኹን ደገፋት ኣብ ዘይብሉ፡ ኣብ ማእከል ጎልጎል ተደርቢና ክንነብር ኣይኮናን ዝብል ጥርዓናት ከቕርቡ ከም ዝጸንሑ፡ እንተኾነ በቶም ናይቲ ከባቢ ሰበ-ስልጣናት ንስኻትኩም ልዕሊ መንግስቲ ብዛዕባ ነብስኹም ክትፈልጡ ኣይትኽእሉን ኢኹም:: ስለዚ ኣብ ዘቐመጥናኹም ተቐመጡ ክብልዎም ምስ ጸንሑ፡ ሕጂ ግን ካብ ምቁጽጻሮም ወጻኢ ምስ ኮነ፡ ናብ ትውልዲ ዓዱ ክምለስ ዝደሊ ኣቐዲሙ 5000 ናቕፋ ክኸፍል ኣለዎ ዝብል መምርሒ ኣውሪዶም ከም ዘለው ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ:: እዚ ድማ መርኣያ ናይቲ ስርዓት ህግደፍ ንዝኾነ ተረኽቦ ከም ናይ ኣታዊ ምኽንያት ንምውሳዱ ዘለዎ ሕዱር ጠባያት ዘመልክት እዩ:: (ተጎሩባ)

@@@@@@@@@@@@@

ነበርቲ ምብራቓዊ ኣከለጉዛይ ብትእዛዝ ዲክታቶር ኢሰያስ ኣፈወርቂ ከካብ ዓዶም ተፈናቒሎም ብዘይወለንትኦም ኣብ ሞንጎ ሓላይን ከተማ ሰገነይትን ክሰፍሩ ይግደዱ ከምዘለዉ ምንጭታት  ካብቲ ከባቢ ሓቢሮም። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሰያስ፡ ህዝቢ ምብራቓዊ ኣከለጉዛይ ናብ ሓደ ቦታ ንእክቦ ዘለና ነቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ሓደጋ ድርቂ ንምምካትን መግቢ ብቐሊሉ ንምዕዳልን ምእንቲ ክካኣል'ዩ ዝብል ዕባራ ምኽንያት የቕርብ። እንተኾነ ግን እቲ ሓቂ ሓልዮት ህዝቢ ዘበገሶ ምኽንያት ዘይኮነስ፡ ካብቲ ሰራዊት ናይቲ ስርዓት ተፈልዮም እምቢ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሎም ኣብ ምብራቓዊ ኣከለጉዛይ ተወዲቦም ዝቃለሱ ዘለዉ ጀጋኑ መንእሰያት ነቲ ምንቅስቓሶም ንምኹላፍ፡ ካብ ህዝቢ ንምንጻልን ንምድኻምን ዝዓለመ ከምዝኾነ  እቶም ምንጭታት ሓቢሮም።

እቶም ምንጭታት ብተወሳኺ  ከም ዝሓበርዎ ሕጂ'ውን ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ ዘመነ ውርደትን ስቅያትን ዝሓጽርን ዘብቅዕን  ደምበ ተቓውሞ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ይኹን ኣብ ደገ ብዝተዋሃሃደ ቅልጽም ምስ ዝምክት'ዩ። ናይዚ ጽቡቕ መርኣያ ከኣ ኣብ ምብራቓዊ ኣከለጉዛይ ካብቲ ስርዓት ሓሪናም ብዝተፈልዩ ጀጋኑ መንእሰያት ተወሊዑ ቀስ ኣናበለ ናብ ካልእ ከባብታት ዝልሕም ዘሎ ባርዕ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሰያስ ዓብይ ሕማም ርእሲ ኮይንዎ ከምዘሎ፡ ነዚ ምንቅስቓስ ንምግታእ ተባሂሉ ህዝቢ ናብ ሓደ ቦታ ኣገዲድካ ምእካብ መፍትሒ  ዘይኮነስ ዓቕሊ- ጽበታዊ ተግባር ህግደፍ'ዩ ተባሂሉ ከምዝተኾነነ እቲ ካብቲ ከባቢ ዝተረኽበ ጸብጻብ ኣመልኪቱ።

ሰነዳት ታሪኽ ከምዘረጋግጽዎ፡ ጨቆንቲ ገዛእቲ ስርዓታት ተቓውሞ ኣንጻሮም ኣብ ዝረኣየሉ ግዜ መንፈስ ተቓውሞ ንምድኻምን ንምህራምን ዝተፈላለየ ሜላ ይጥቀሙ እዮም። እንሆ ድማ ዲክታቶር ኢሰያስ ሓደ ኣብነት ካብኦም'ዩ። እንተኾነ ግን ጨቆንቲ



ስርዓታት ይንዋሕ-ይሕጸር ንህዝባዊ ማዕበል ከቶ ከቕህሙ ወይ ክድምስሱ ከምዘይክእሉ ናብ ርሑቕ ከይከድና ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ህያው ምስክር ምዃኑ እቲ ሓበሬታ ገሊጹ። (ተጎሩባ)

@@@@@@@@@

ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ስንኩላን ተጋደልቲ ዜጋታት ኣድልዎን ወገንነትን ይፍጽም ከምዘሎ ናብ ጎረቤት ሃገር ሱዳን ዝኣተዉ ኤርትራውያን ስንኩላን ብምጥቃስ ዝተፈላለዩ መርበባት ሓበሬታ ሓቢሮም። እዞም ምስ ከቢድ ስንክልነኦም ናብ ሱዳን ዝኣተው ዜጋታት ከም ዝሓበርዎ  እቶም ቅድም ምእንቲ ነጻነት ኤርትራ ደሓር ድማ ኣብቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተኻየደ ናይ ድሕሪ ነጻነት ውግእ  ኣካሎም ጎዲሎም ከቢድ ስንክልና ምስ ኣጋጠሞም  ''ሰሪሕና ክንበልዕ ስለ ዘይንኽእል ናብ ማሕበር ስንኩላን ኩናት የእትዉና'' ብዝብል ብተደጋጋሚ ዘቕረብዎ ጥርዓን ተቐባልነት ብምስኣኑ ዝተሰመየም ምረት ገሊጾም።

እዞም ብሰንኪ ከቢድ ስንክልንኦም ሰሪሖም ክበልዑ ዘይከኣሉ ኤርትራውያን ኣብቲ ማሕበር ተወዲቦም ሓገዝ ዝረኽብሉ ኩነታት ክፍጠር ዘቕረብዎ ጥርዓን ይንጸግ ኣብ ርእሲ ምህላው፡ ኣብቲ ስርዓት ሳዕለዋይ ሓላፊ ወገን ዘለዎም ሰባት ግና ኣውንታዊ መልሲ ይረኽቡ ብምህላዎም ሕማቕ ስምዒት ከምዝተፈጠረሎም ገሊጾም። እዞም ፍትሒ ዝሰኣኑ ስንኩላን ተጋደልቲ ኣብ መነባብሮኦም ከቢድ ጸገም ኣጋጢምዎም ሕማቕ ሃለዋት የሕልፉ ምህላዎም  ከም ዝሓበሩ እተን መርበብ ሓበሬታት ብተወሳኺ ኣመልኪተን። (ደሞክራሲያ)

@@@@@@@@

ኮሚሽን ሕብረት ኣውሮጳ፡ ኤርትራ ንረዲኤት ንዝተለገሰላ መግቢ ኣብ መሸጣ ስለ ዘውዓለቶ፡ ኣብ ልዕሊኣ ስጉምቲ ንምውሳድ ይሓስብ

ከም ዘሎ ተገሊጹ። በቲ ሓበሬታ መሰረት ኤርትራ፡ ነቲ ተሸይጡ ዝብሃል ዘሎ 3 ሚልዮን ዶላር ዝዋግኡ ረዲኤት ክትከፍሎ ትሕተት ትኸውን። ኣምባሳደር ሕብረት ኣውሮጳ ኣብ ኤርትራ፡ ሚስተር ጊርት ሃይከንስ፡ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ምስ ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ንምዝርራብ ዝተገብረ ፈተነ ኵሉ ከምዝፈሸለ ድሕሪ ምግላጽ፡ ስጉምቲ ምውሳድ የድሊ ኣሎ ክብሉ ሓቢሮም። እዚ ጸገም'ዚ፡ 15% ካብ ህዝቢ ኤርትራ ብሕጽረት መግቢ ኣብ ዝሳቐየሉን፡ ኤርትራ ድማ ተጻባዪት ናይ ረዲኤት ኣብ ዝኾነትሉን እዋን ምምጻኡ ኣዝዩ ኣሻቓሊ እዩ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ህዝቢ ተጻባዪ ናይ ግዳም ረዲኤት ከይከውን ብዝብል ምስምስ፡ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት ኣትሒዙ፡ ክፍሊት ብስራሕ (cash for work) ዝብል ፖሊሲ ክኽተል ከምዝጸንሐ ኣብቲ ጸብጻብ ተጠቒሱ። ከምቲ ጸብጻብ ነዚ መደብ'ዚ ንምምዋል ተባሂሉ'ዩ፡ መንግስቲ ነቲ ዝተለገሰሉ 3 ሚልዮን ዶላር ዝዋግኡ ናይ መግቢ ረዲኤት ናብ መሸጣ ዘውረዶ ክብል ሕብረት ኣውሮጳ ከሲሱ።

እቲ ጸብጻብ ኣስዒቡ ከም ዘነጸሮ፡ ስርዓት ኤርትራ፡ ነዚ ናይ ፖሊሲ ለውጢ'ዚ፡ ምስ'ቶም ዝምልከቶም ንኣጠቓቕማ ናይ'ቲ ረዲኤት ንጹር መምርሒ ዘለዎም ለገስቲ ሃገራት ከይተማኸረ እዩ ፈጺምዎ። ኣብዚ ሎሚ እዋን ኤውሮጳውያን ትዕግስቶም ወዲኦም እዮም ይብል ኣምባሳደር ሃይከንስ። ኣስዒቡ ‘’ካብ ወርሒ ግንቦት 2009 ኣትሒዙ፡ ናብ ሚኒስትሪ ልምዓት፡ ናብ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ማእለያ ዘይብሉ ደብዳበታት ክልእኽ ጸኒሐ” ዝብል ምስክርነቱ ሂቡ። ከምኡ ውን፡ ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚ ክራኸቦም እንከሎ፡ ነቲ ጉዳይ ከም ዘልዓሎን መልሲ ግን ከም ዘይሃብሉ እቶም ኣምባሳድር ገሊጾም። ስለዝኾነ ድማ፡ ብዛዕባ'ቲ ክውሰድ ዘለዎ ስጉምቲ ምስ ብሩሰልስ ንመኻኸር ኣሎና” ይብሉ ኣምባሳደር ሃይከንስ። (ቢቢሲ)

@@@@@@@@

ወተሃደራዊ መኮንናት ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ጥሪት ድኻታት ሓረስቶት ይዘምቱ ከምዘለው ተገሊጹ። ሓንቲ መርበብ ሓበሬታ ምንጭታታ ጠቒሳ ከም ዝጸብጸበቶ- ካብ መራሒ ሓይሊ ንላዕሊ መዝነት ዘለዎም መኮንናት ስርዓት ህግደፍ



ኣብ ዶብ ኤርትራን ትግራይን ካብ ድኻታት ሓረስቶት ጥሪት እንዳዘመቱ ሓሪዶም ይበልዕወን ኣለው። እዞም ኣባላት ክፍለ ሰራዊት 17 ዝኾኑ መኮንናት ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ከባቢ በለሳ ካብ ድኻታት ሓረስቶት ብኣማኢት ዝቑጸራ ከብትን ኣጣልን ከም ዝዘመቱ ከኣ እቲ ጸብጻብ ብኣብነት ጠቒሱ'ዩ።

ኣብቲ ከባቢ ዝቕመጡ ኤርትራውያን ዓበይቲ ዓዲ እዚኣን ናይ ድኻታት ኣሕዋትና ጥሪት'የን ስለምንታይ ከምኡ ትገብሩ ዝብል ሕቶ'ኧ እንተቕረቡ እቶም ተስፋ ቆሪጾም ኣብ ዝምታ ዝተዋፈሩ መጋበርያ ውልቐ ምላኺ ዝኾኑ መኮንናት ‘’እዚኣተን ናይ ወያነ'የን’’ ናይ ጸላኢ ንብረትን ጥሪትን ከነዕኑን ክንምንዝዕን ድማ ሓደ ካብ ዕማምና'ዩ ዝብል ምላሽ ከም ዝሃብዎም እቲ ካብቲ ከባቢ ዝተረኽበ ጸብጻብ ኣረጋጊጹ። (ደሞክራሲያ)

@@@@@@@@

ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝኾነ ይኹን ጸጥታዊ ጸገም እንተጓኒፉ ኢሳይያስ ዝመርሖ ስርዓት ብድሕሪት ምህላው ግድን'ዩ ክትብል ሓንቲ ኦብዘርቨር ዝተባህለት ናይ የመን ጋዜጣ ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ገሊጻ። እታ ናይ የመን ጋዜጣ ንኤርትራ ዝመርሕ ዘሎ ስርዓት ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ዘጋጥሙ ዘይምርግጋኣት ኢዱ የእትዩ ምዝራግ መለለይ ባህሪኡ ካብ ዝኸውን ነዊሕ ግዜ ከም ዝገበረ ገሊጻ፡ ኣብዚ እዋንዚ ድማ ናይ የመን ሰላም ንምዝራግ ይሰርሕ ከም ዘሎ ኣቃሊዓ። ኣስዒባ እታ ጋዜጣ ስርዓት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ምዝራግ ሰላም ቀርኒ ኣፍሪቃ ይሰርሕ ኣሎ እንተተባህለ ንማንም ሓድሽ ከምዘይኮነ ኣብሪሃ። ኣልኣህሊ ዝተባህለት ካልእ ጋዜጣ ብወገና ኤርትራ ኣብ ጉዳይ የመን ኢዳ ብምእታው ጸረ መንግስቲ ንዝኾኑ ሓይልታት ተሰልጥንን ኣጽዋር ተዕጥቕን ከምዘላ ዘርዚራ።(ጋዜጣታት የመን)

@@@@@@@@@@@@

ስርዓት ህግደፍ ካብ ህዝቢ ገንዘብ ብሓይሊ ናይ ምምንዛዕ ተግባራቱ ንምትግባር ኣባላት ጽጥታኡ ብ 15 ጥቅምቲ 2009 ባሃሪ ሎኪን ፉፋ ጎሮሮ ናይ ዝተባህሉ ኣብ መጓሰ ዝነበራ ኣግማል ከም ዝወሰድወንን፡ እቶም ዝጓስይወን ዝነበሩ ክልተ መንእሰያት ድማ ስለምንታይ ትወስድወን? ኢሎም ምስ ሓተቱዎም ዘራእቲ ስለዝበልዓ ኢና ወሲድናየን ስለዚ ገንዘብ እንድሕሪ ዘይከፊልኩም ኣይንመልሰልኩምን ኢና ኢሎም መሊሶምሎም። እቶም ጓሶት ብወገኖም ብሓቂ እንድሕሪ  ዘራእቲ በሊዐን ክንከፍል ኢና ግን ቅድሚ ምኽፋልና እቲ ዝተበልዔ ግራት ህዝብን ኣመሓደርትን ይርኣዩዎ እሞ ብድሕሪኡ ሓቂ እንተድኣ ኮይኑ ንሽፍል ምስ በልዎም፡ እዚ’ሞ ንዓና ሓሰውቲ ትገብሩና ኣለኹም ማለት’ዩ፡ እንተኸፊልኩም ሕራይ እንተድኣ ዘይከፊልኩም ግና ኣግማልኩም ኣይትረኽብወንን ኢሎም ብሓይሊ ናይ ሽድሽተ ኣግማል 800.00 ናቕፋ ኣኽፊለምዎም። (መሰል ብሄራት)

@@@@@@@

ስርዓት ህግደፍ ከም መቐጸልታ ናይ’ቲ ንነዊሕ እዋን ከካይዶ ዝጸንሐ ናይ ኣልማማ ግፋታት፡ ብ23 ጥቅምቲ 2009’ውን ኣብ ንኡሳን ዞባታት ሻንቡቆን ሞልቅን ሰፊሕ ግፋታት ከካይድ ከምዝቐነየ፡ ተሓቢሩ። ብመሰረት’ቲ ነዚ ብዝምልከት ዝተዘርግሐ ዜና ፡ እቲ መጠነ-ሰፊሕ ግፋታት፡ ኣብ ከባቢ ዓድታት ናይተን ዝተጠቕሳ ንኡሳን ዞባታት’ውን ልሒሙ ከምዝቐነየን፡ ናብ ካልእ ከባቢታት’ውን ከይሰፍሕ ህዝቢ ኣብ ከቢድ ሻቕሎት ከም ዝርከብን ተፈሊጡ ኣሎ።

ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብዚ ግዜ’ዚ ብሰንኪ ጃምላዊ ህድማ ፡ ወተሃደራዊ መሳርዑ እናሰሓወ ስለዝመጸ፡ ነዚ ንምምላእ ብሓደ መዳይ ነቲ መንእሰይ ብቐረባ ንምቁጽጻር መታን ከኽእሎ ብምሕሳብ ድማ በቲ ካልእ መዳይ ንትሕቲ ዕድመ ህጻናትን ልዕሊ ዕድመ ሽማግለታትን ዝሓወሰ ናይ ኣልማማ ግፋታት  ተተሓሒዝዎ ኣሎ ክብሉ ዝተፈላለዩ ወገናት ርኢቶኦም ከም ዝሃቡ ኣብቲ ዜና ተጠቒሱ። (ድምጺ ሰ.ደ.ኤ)



@@@@@@@@@@@@

ስርዓት ህግደፍ ብዘይ ምንም ምኽንያት ብ16 ጥቅምቲ 2009 ካብ ቁሽት ፎደ ኣርባዕተ ደቂ ኣንስቲዮን ኣርባዕተ ደቂ ተብዓትዮን ሒዙ ከም ዝወሰዶም ካብቲ ቦታ ዝተረኽበ ዜና ገሊጹ። ብመሰረት እቲ ዜና ኣስማት ናይዞም ግዳያት እዚ ዝስዕብ እዩ።

ጋላ ኦሎ ዕድምኡ 46 ኣቦ ስድራ፡ ቦኮ ዳቢ ዕድምኦም 72 ኣቦ ስድራ ፡ሳሌ ካሱ ዕድምኦም 60 ኣቦ ስድራ ፡ ኣለንጋይ ኣሮዲ ዕድምኦም 46 ኣቦ ስድራ ክኾኑ እንከለው እትን ደቂ ኣንስቲዮ ድማ ፡ ማጉላ ኣንተው ዕድሚኤን 52 በዓልቲ ሓዳር ፡ ካጂጃ ኣጌና ዕድሚኤን 56 በዓልቲ ሓዳር ፡ ኢለኑ ሳሌ ዕድሚኤን 40 በዓልቲ ሓዳር ፡ ኤደን ኣብ ካፌ ኣሞሓጀር ትሰርሕ ጓል 16 ዓመት መንእሰይን እዮም።

ብተመሳሳሊ ዜና ብ 28 ሕዳር 2009 ኣብ ዕዳጋ ዳሴ ንጋላ ዓብደላ ዝተባህለ ተወላዲ ማዳርጋባ (ኣፋተ-ኢላ) ዝኾነን 37 ዓመት ዝዕድምኡን ኣብ ዕዳጋ ብዘይ ምንም ምኽንያት ብገመድ ኣሲሮም ከቢድ መግረፍቲ ድሕሪ ምውራድ ናብ ቶኮንቢያ ከም  ዝወስዱዎ ኣምሲሎም ንባረንቱ ከምዝወሰዱዎን ክሳብ ሕጂ ሃለዋቱ ከም ዘይተፈልጠን እቲ ዝበጸሓና ዜና ሓቢሩ። እንተኾነ ናይ’ዚ መንእሰይ መእሰሪ ምኽንያት ብንጹር’ኳ እንተዘይተፈልጠ  ብትሒም ትሒም ግን ብሞት ኣመሓዳሪ ሓጎስ ብምምስማስ እዩ ተታሒዙ ዝብል ወረ ከም ዘሎ ኣብቲ ዜና ተመልኪቱ። (መሰል ብሄራት)

@@@@@@@@@@

ማሕሙድ ገደብ ዝተባህለ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ፡ ኣብ እዋን ሮሞዳን ንህዝቢ ናይ’ቲ ከባቢ ብዝገበሮ ምትሕግጋዝ ምኽንያት ብምግባር፡ ብትካል ጸጥታ ህግደፍ ተጨውዩ ከም ዝተወስደን፡ ኣበይ ከም ዘሎ ደሃዩ ከም ዘይፍለጥን፡ እሙናት ምንጭታት ብምጥቃስ ተሓቢሩ። ማሕሙድ ገደብ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ ቅድሚ ምኳኑ፡ ናይ ጀንገረን ኣማሓዳሪ ኮይኑ ከም ዝሰርሐ፡ ኣብ ህዝቢ ድማ ጽቡቕ ስምን ክብርን ከም ዝነበሮ፡ እቲ ምስ ህዝቢ ፈጢሮ ጽቡቕ ዝምድና እንተጎልቢቱ፡ ኣንጻርና ክኸይድ ይኽእል’ዩ ዝብል ስግኣት ዝሓደሮም ሰበስልጣን ጸጥታ ህግደፍ፡ በቲ ልሙድ ሽፍታዊ ተግባራቶም ጨውዮም ከም ዝሰወርዎን እቶም ምንጭታት ሓቢሮም።

መጭወይቲ ናይ’ቲ ማሕሙድ ገደብ ዝተባሃለ ኣማሓዳሪ፡ ኣብ ህዝቢ እቲ ከባቢ ኣዛራቢ ኮይኑ ከም ዘሎ ዝጠቐሱ እቶም ምንጭታት፡ እንተኾነ ኣብ’ቲ ከባቢ ዝርከቡ ሓለፍቲ ህግደፍ፡ ንዓኻትኩም’ውን ከምኡ እንዳበሉ ንህዝቢ ይህድዱ ከም ዘለው ብተወሳኺ ገሊጾም። (ደሞክራሲያ)

***ሓድነትና ዋሕስ ሓይልና እዩ።***
***ፍልልያትና ድማ ብግቡእ እንተመሓዲርናዮ***

***መልክዕና’ምበር መበኣሲና ኣይኮነ፡***
***ስለዚ ፍልልያዊ ሓድነትና ይደልድል።***



# ዓምዲ፡ ቃለ-መሓትት

ሙሳ ዓሊ ኣሕመድ፡ ኣብ ስርዓት ህግደፍ ከም ሰኣላይ መደብ ተለቪዥን ኮይኑ ኣብ ከባቢ ደንከልያ ዝሰርሕ ዝነበረ፡ ደሓር ግና እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፍጸም ዝነበረን ዘሎን ግፍዕታት መሪርዎ ነቲ ስርዓት ራሕሪሑ ኣብዚ ቀረባ እዋን ናብ ስደት ዝምርሐ ኤርትራዊ እዩ። እነሆ ድማ ካብቲ ምስ መደባት ተለቪዥንን ሬድዮን ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ዘካየዶ ሰፊሕ ቃለ መሓትት ዝተወሰነ ክፋሉ ነቕርበልኩም። ሙሳ ብኣሰራርሓ ናይቲ ዝነበረሉ ክፍሊ እዩ ዝጅምር። ሰናይ ንባብ።

<u>ሙሳ ዓሊ ኣሕመድ፡</u> ኣነ ከም ሰኣላይ እምበር ከም ሪፖርተር ኣይኮንኩን ዝሰርሕ ነይረ። ኣብቲ ንሰርሖ ዝነበርና ዘይተሰርሐ ጉዳያት ከም ዝተሰርሐ ኣምሲልና ከነቕርብ ንግደድ ኔርና። ንኣብነት ኣነ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ኣብ ከተማ ዕዲ ነይረ። ከተማ ዕዲ ድማ መስመር ማይ የብላን። እንተኾነ ማይ ከም ዝኣተዋ ኣምሲልካ ሰኣልን ጸብጽብን ተባሂለ ነይረ። እቶም ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ሓለፍቲ ድማ ናይ ሓሶት ናይ ምምራቕ ፕሮግራም ኣካይዶም። እቲ ህዝቢ ግና ክሳብ ሕጂ ብቦጣት እዩ ማይ ዝሰቲ። ካልእ ኣብነት ክጠቅስ፡ ወደባት ኤርትራ ኣብዚ ሎሚ እዋን እቲ መንግስቲ ባዕለይ ዓሳ ገፊፈ ክሸይጥ እየ ስለ ዝበለ ህዝቢ ዘሳትፍ ስራሕ የብለንን። እንተኾነ ከም ዝሰርሓ ኣምሲልኩም ጋዜጣዊ ጸብጻባት ኣቕርቡን ስኣሉን ኢና ንበሃል። ካልእ ተግባራዊ ኣብነት ክውስኽ። እቲ ኣብ ወደብ ዘሎ ናይ ህግደፍ ፋብሪካ በረድ ኣብ 24 ሰዓታት ሰለስተ ቶን’ውን ኣየፍርይን እዩ። ከምዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ናይቲ ህዝቢ እንጀራ ንምዕጻው እዩ። ነዚ ድማ እቲ ፋብሪካ በረድ ብዝለዓለ ደረጃ ከም

ዝሰርሕ ኣምሲልኩም ንህዝቢ ንገሩ ንበሃል ኔርና። ኣነ ድማ ብኸምዚ ደረጃ ዘይተሰርሐ ተሰሪሑ ኢልና ክንዛረብ እንከለና እቲ ህዝቢ እንታይኮን ይብለና ዝብል ጭንቀትን ስኽፍታን ነይሩኒ። እቲ ህዝቢ ነዚ ምስ ተዓዘበ ብፍላይ ሓደሓደ ደፋራት ስለምንታይ ኢኹም ዘይተሰርሐ ተሰሪሑ ኢልኩም ትሕስዉ ይብሉና ነይሮም። ብፍላይ ነዓይ ንስኻ እንዲኻ ትሰዶ ዘለኻ ኢሎም ይሓቱኒ ነይሮም። ንሕና ግና ብዘይካ ከምኡ ምግባር ካልእ ምርጫ ኣይነበረናን። ግበሩ ዝተበሃልናዮ ኢና ንገብር ንብሎም። ኮታ ከምዚ ወተሃደራዊ ትእዛዝ ምፍጻም ማለት እዩ።

<u>ሕቶ</u>፡ እሞ ኩሉ ናይ ጋዜጠኛታት ኣሰራርሓ'ውን ከም ወተሓደራዊ ኣገባብ'ዩ ማለት ድዩ?

<u>ሙሳ ዓሊ ኣሕመድ፡</u> እወ ከምኡ እዩ። ወረ እቲ ወተኣሃደራዊ ኣገባብ ኣብ ጋዜጠኝነት ጥራይ ኣይኮነን ዝንጸባረቕ። ዋላ ኣብ ሳዋ ዘሎ ኣገባብ ትምህርቲ እውን ካልእ ብወተሃደራዊ ኣገባብ ዝቕየድ ስራሕ እዩ።ንኣበነት ኣነ ኣብ መበል 12 ዙርያ እየ መበል 12 ክፍሊ ተማሂረ። ኣብቲ ግዜቲ ኣብ ኩሉ ምንቅስቓሳትና ተመሃሮ ክንስና ወተሃደራት እዮም ሰሪዖም ዘንቀሳቕሱና። ካብ ክፍሊ ወጺእና ከነጽንዕ ወይ ዝተዋህበና ዕዮ ገዛ ክንሰርሕ እንተጀሚርና ካልእ ምስቲ ንመሃሮ ኣካዳሚ ዘይዛመድ ወተሃደራዊ ዕዮ ይህቡና። ሰንበት እውን ከምኡ ናብ ካልእ ከም ምእራይ ዕንጸይቲ ናብ ዝኣመሰለ ናይ ተንኮል ስረሓት ትዋፈር። ዋላ ናብ ኩነታት ዞባዊ ምምሕዳር እንተ ተመለስና'ውን፡ ነቲ ኣማሓዳሪ ልዕሊኡ ጀነራል ኣሎ። ንኣብነት ኣብቲ ዝነበርኩሉ ከባቢ ልዕሊ ጽገረዳ ዝነበረ ሜጀር ጀነራል ሃይለ ሳሙኤል እዩ። ንሳ ካብ ኣፍልጦ እዚ ጀነራል እትሰርሖ የብላን። እዚ ጥራይ ኣይኮነን ምምሕዳር ዞባ ዝንቀሳቐሰሉ መካይን'ኳ የብሉን። ኩሉ ጉዳያቱ ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ምክልኻል እዩ። ስለዚ እቲ ንሳቶም ብዛዕባ ደሞክራሲ ዝዛረብዎ ብዛዕባ ዘየለን ዘይጭበጥን ጉዳይ ከም ምሽክዕላል ዝውሰድ እዩ።

<u>ሕቶ፡</u> ጋዜጠኛታት ዝኣምንሉ ሓበሬታ ናብ ህዝቢ ኣብ ምቕራብ ዘለዎም ዕድል ክሳብ ክንደይ እዩ?



<u>ሙሳ ዓሊ ኣሕመድ፡</u> ኩልና ከም እንፈልጦ ኣብዚ እዋንዚ ስርዓት ህግደፍ ምስ ኩሎም ጐረባብቱ ኣብ ባእሲ እዩ ዘሎ። ቁጠባኡ ድማ ኣዝዩ ኣብ ዝተዳኸመ ደረጃ እዩ ዝርከብ። ፖለቲካዊ ጽልዋኡ'ውን ከምኡ ተዳኺሙ እዩ። እንተኾነ እቶም ጋዜጠኛታት እቲ ስርዓት ንህላወኡ ክብል ዝኣምነሉ እምበር ንሳቶም ዝኣምንሉ ሓቂ ናብ ህዝቢ ከቕርቡ ኣይክእሉን እዮም። ኣብዞም ጋዜጠኛታት ምስቲ ስርዓት ነዊሕ ዓመታት ዝጸንሑ ኣለዉ። ናይቲ ስርዓት ኣሰራርሓ ካብ ድሌትን ባህግን እቲ ህዝቢ ዝረሓቐ ምዃኑ ይፈልጡ እዮም። ኩነታት ኣጣጢሕካ ካብቲ መንግስቲ ክሳብ ትወጽእ ከምቲ ድሌቱ ክትከይድ ድማ ናይ ግድነት እዩ። ብሓፈሻ ክንዛረብ እንከለና ክንደይ ዓመት ኣብቲ ሙያ ምስቲ ስርዓት  ዝሰርሑ ምዃኖም ብዘየገድስ፡ ተገዲዱ እንተዘይኮኑ ፈትዮን ዓጊቡን ዝንቀሳቐስ ሰብ የለን። እቶም ኣብዚ ጋዚጠኝነት ዝሰሑ ነጻ ኣይኮኑን። ኣብ መንጎኦም እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ዝከታተለሉ ሰንሰለታዊ ሓለዋታት ኣሎ። ብሰንኪ ከምዚ ዝኣመሰለ ነጻነትካ ዝነፍግ ኣሰራርሓ ዝሃደሙ ብዙሓት እዮም። ተኣሲሮም ዝማስኑ ዘለዉ'ውን ከምኡ። ካብቶም ነቲ ስርዓት ራሕሪሖም ዝሃድሙ፡ ሚኒስተራት፡ ኮለነላትን ካልኦት ላዕለዎት ሓላፍትን እዮም። እዚኣቶም ነቲ ስርዓት ጸሊኦም እምበር ሓላፍነት ስኢኖም ኣይኮኑን ሃዲሞም። ስለዚ እዚኣቶም እውን ከም'ቶም ጋዜጠኛታት ነብሶም ዘውጽእሉ ዕድል ክሳብ ዝረኽቡ ነቲ ስርዓት ከይፈተዉ ተማእዚዞም ክኸዱ እዮም ዝጸንሑ።

<u>ሕቶ፡</u> ብዛዕባቶም ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ምኽንያቱ ብዘይተፈልጠ መንገዲ መይቶም ዝበሃሉ ላዕለዎት ኣለፍትን ክኢላታትን እትብሎ እንታይ ኣሎ?

<u>ሙሳ ዓሊ ኣሕመድ</u> ፡ ከምዚ ዝበልካዮ ናይ ቅትለት ኩነታት ብዙሕ ግዜ የጋጥም እዩ። ከምዚ ዓይነት ኣጋጣሚ ክፍጠር እንከሎ ኢሳያስ ኣብ ዓዲ ኣይጸንሕን እዩ። ንኣብነት ሚኒስተር ዓሊ ሰይድ ክመውት እንከሎ ኢሳያስ ኣብ ኣስመራ ኣይነበረን። ኣብዚ ቀረባ ግዜ ሚኒስተር ሳልሕ መኪ ክመውት እንከሎ'ውን ኢሳያስ ኣብ ወጻኢ እዩ ነይሩ። ብተረድኦይ ነቲ ናይ ቅትለት ውጥን ንሱ ኢሳያስ እዩ ዘውጽኦ። ነቲ

ዝወጸ ውጥን ዝፍጽሙ ድማ ኣለዉ:: ደሓር ንሱ እቲ ዘውጸኦ ውጥን ምስ ተተግበረ ናብ ሃገር ይመጽእ:: ስለዚ እዚ ኩሉ ግዜ ብሕማም ልቢ ሞይይቱ ዝብል ምህዞ ነዓይ ኣይርደኣንን እዩ:: ናይ ሳልሕ መክን ናይ ዓሊ ሰይድ ዓብደላን ጉዳይ ከምኡ እዩ ተባሂሉ:: ብፍላይ ዓሊ ሰይድ ኮነ ኢልካ ኢሳያስ ብዝሃቦ ትእዛዝ ከም ዝተቐትለ፡ ኩሉ እዩ ዝፈልጦ:: ኣብ ላዕለዎት መራሕቲ ስርዓት ህግደፍ ምትእምማን የለን:: ንኣብነት ሳልሕ መኪ ቅድም ከም ሚኒስተር ጥዕናን ሚኒስተር ሃብቲ ዓሳን ሰሪሑ እዩ:: ደሓር ቅድሚ ምማ`ቱ ግና ደስኪሉ እዩ ነይሩ:: ኢሳይስ ካብ ሚኒስተርነት ኣውሪዱ ናብ ዞባታት ክምድቦ ሓሳብ ነይርዎ:: እንተኾነ ሳልሕ መኪ ኣይተቐበሎን:: ኣብ ዝሓለፈ እዋን ናይ ሚኒስተራት ምቅይያራት ነይሩ ክንሱ ሳልሕ መኪ ነቲ ምቕያር ምስ ተሓሰሞ በዚ ብዝተላዕለ ፍልልይ እዩ ቀቲልዎ ዝብል እምነት እዩ ዘለኒ::

<u>ሕቶ</u>፡ መነባብሮ ህዝቢ ዓፋርከ ኣብ ከመይ ደረጃ ይርከብ?

<u>ሙሳ ዓሊ ኣሕመድ</u> ፡ ክሳብ 1999 ኣብ ዝነበረ ግዜ መነባብሮ ህዝቢ ዓፋር ድሓን ነይሩ:: ስለምንታይ ኣብቲ ግዜ’ቲ ወደብ ዓሰብ ይሰርሕ ስለ ዝነበረ:: ሎሚ ግና ኣብ ከተማ ዓሰብ ኮነ ኣብ ካልእ ከባቢ ዝነብር ህዝቢ ዓፋር ተሰዲዱ እዩ:: እቲ ንሱ ዝሰርሖ ዝነበረ ስረሓት ብኻለኦት እዩ ዝስራሕ ዘሎ:: ሓለፍቲ ህግደፍ ምስ ኢትዮጵያን ካለኦት ጐረባብቲ ሃገራትን ውግኣት ምስ ከፈቱ እቲ መነባብሮ ተበላሽዩ:: ነቶም ዝነበሩ ውሑዳት ሃብታማት ስርዓት ህግደፍ ገንዘቦም ዘሚትዎም:: ነቲ ዝነበረ ምንእሰይ ድማ ኣብ ውግኣት ኣእትዮም ኣህሊቖሞ:: ንገለ ሰባት ድማ ኣብ ስግረዶባዊ ተግባራት ተሳቲፍካ ብዝብል ሰበብ ቀቲለምዎም:: እተን ካልእ ሃብቲ ናይ ህዝቢ ዓፋር እንስሳ-ዘቤት እየን:: እዚኣተን ድማ ኣብ ግዜ ውግእ ንመከላኸሊ ሃገር ክትከፍሉ ይግበኣኩም ብዝብል ተንኮል ኣብሪሰምወን እዮም:: እቶም ዓሳ ገፊፎም ናብ በዓል የመን ዝወስዱ ዝነበሩ ተኸልኪሎም እዮም:: እቲ ስርዓት ካብኣቶም ብዝደለዮ ሕሱር ዋጋ ገዚኡ ኣብ ቅድሚኦም ብዶላራት ይሸጦ:: ሕብረተሰብ ዓለም ጸገም’ቲ ህዝቢ ርእዩ ከይሕግዞ ድማ እቲ ስርዓት ረድኤት



ኣየድልየንን እዩ ዝብል:: እዚ ብፍላይ ንህዝቢ ዓፋር ዝምልከት ኮይኑ እቲ ጥምየትን ስእነትን ሎሚ ኣብ ኩሉ ኤርትራዊ ዘሎ እዩ::

እቲ ካልእ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ደንከሊያ ኣተኣታትይዎ ዘሎ ነቲ ዝነበረ ኣውራጃዊ ምምሕዳር ምክፍፋል ቆራሪሱ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢ ፋሕ ምባሉ እዩ:: ንኣብንት ሰሬሕ ክፋል ናይ ሰሜን ደንከሊያ ናብ ሰምሃር ምውሳድ:: እዚ ጥራይ ኣይኮነን ንባህሊ ኣብ ዝምልከት ድማ፡ ዓፋር ኣብ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያን ጅቡትን ዝነብሩ ኮይኖም ሓደ ባህልን ቋንቋን ኣለዎም:: እቲ ስርዓት ግና እዚ ናይዚ ከባቢ ባህሊ እዩ:: ስርዓት ህግደፍ ነዚ ክሒዱ እዚ  ናይ ካልእ ከባቢ’ዩ እዚ ድማ ናይቲ ካልእ እናበለ ይፈላልን ይበታትንን:: ህዝቢ ዓፋር ግና ሓደ ሃይማኖታዊ እምነት ዘለዎ ዋላ ኣብ ኣፈታትሓ ግርጭታት’ውን ሓደ ዓይነት መንገዲ ዝጥቀም ህዝቢ እዩ::

እቲ ፍታሕ ካብ ኮነ ቃልሲ

ንምርግጋጽ ሓቀኛ ደሞክራሲ

የድሌና ኣሎ ማዕባሊ ፈልሲ

ንኹሉ ሕማምና ዝፍውስ ቀላሲ::

ኣብ ዘይመሰረታዊ ነገር ኮለእንዳበልና

እንተዘይፈዊስናዮ ሕዱር ሕማምና

ጋም-ማን እንዳበልና ክነብር ከይሰሰና

እንትርፎ ንጸላኢ ኣይጠቅምን ንህዝብና

ብኣካልን ሕልናን ለውጢ ከይርኣና

ኣብ ተስፋ ክነብር ተስፋ ከይጨበጥና።

ናይ ትማሊ ገዲፍና ናይ ሎሚ ንግበር
ኣብ ከርሰ ነገር ነትኩር ኣይንድለ ኣበር
ብዘይ ስኽፍታ ፍልልይና ይነጸር
ፍልልያት ኣኽቢርና ብሓደ ንነበር
ነቲ ሓደ ንቃለሶ፡ በቲ ካልእ ንሕበር
ብመትከል ንዓቅን ንውጻእ ካብ ደንበርበር።

ብሓቂ እንተተዓጢቕና ንለእንተወሲና
ብልክዕ እንተፈሊጥና ባህሪ ጸላኢና
ንዓቕምናን ባህሪናን ብግቡእ እንተመዚና
ሽንቶና ኣነጺርና እንተተበጊስና
ብሩህ’ዩ መጻኢና ናይ ግድን’ዩ ዓወትና።

ብንቕሓት እንተጠሚትናዮ ነቲ ሕብረ-ብሄርነት
ጸጋ ምዃኑ ብዝሒ እምነት ሃይማኖት



ኣየሰክፈናን ውድባዊ ብዙሕነት
ንሱ’ዩ ናይ ሕብረ-ሰልፋዊ ስርዓት መሰረት።

ስለዚ ንውድባዊ ብዙሕነትና ዘተኣናግድ
ኣብ ሕልናና ቦታ ንመድምድ
ዘቀራርብ ገዲፍና ጽልኢ ኣይንእጐድ
ንሓቂ ንቀበል ኣይበለና ስግድግድ።

ስሙር ግንባራት ስነ-ፍልጠታዊ ጥበብ
ናይትና ቀዳዳት ብካልእ ስለ ዘይልገብ
ንኣባያት እንዳገራሕና ንቀራረብ
ንናይ ሓባር ጉዳይና ብሓባር ንላዘብ።

እወ ሰፊሕ ግንባር እንተኾይኑ ዝጠምረና
ኣብኡ ንዕሰል ግዜ እንከይሃብና
በቶም መትከላት ንማእዘዝ ከይተናጸና
ተግባር ይኹን መለለይና
መታን ህዝቢ ክስዕበና ከድምዕ ጉዕዞና።

ደሞክራስያዊ ግንባር ዝጽላሎም

ንዘይመሰረታዊ ነገራት ኣልዮም

ኣብ መሰረታዊ ዕላማታት ኣትኪሎም

ካብ ውድባዊ ትምክሕትን ጽበትን ተገሊሎም

ሓሳብ ምስ ተግባር ኣጠዓዒሞም

ኣብነት ይኹኑ ሰሚሮም::

እወ መታን ክንወጽእ ካብ ባርነት

ንተኣኻኽብ ነደልድል መሰረት

ኣየዕውተናን በበይንኻ ክርተት

ንኹሉ ኣብ ኩሉ ንኹን ኣብነት::

(መቓልሕ)



## ዋዕላ

ማእከላይ መሪሕነት ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ኣብ ዝሓለፈ ኣኼባኡ ፍሉይ ግምትን ቆላሕታን ሂቡ ካብ ዝወሰኖም ጉዳያት ሓደ ጉዳይ ሰፊሕ ዋዕላ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ነይሩ። ድሕሪ ዘድሊ ሚዛናት ድማ ነቲ ኣቐዲሙ ነዚ ዓብይ ጉዳይ'ዚ ብዝምልከት ዝተኻየደን ሃናጺ ርኢቶታትን ለበዋታትን ዘቕረበሉን ዓወደ-መጽናዕቲ (work shop) ኣብ ግምት ብምእታውን ንፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ነዚ ከቢድ ሓልፍነት ዝጽበዮ ዋዕላ ናይ ምስንዳእ ሓላፍነት ኣሰኪምዎ። ከምቲ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣምታት ዝተገለጸ እዚ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ብወገኑ ቀዳምነት ሂቡ ዝሰርሓሉ ዘሎ ጉዳይ እዚ እዩ። ኣብዚ ሎሚ እዋን ናዚ ዋዕላ ኣሰናዳኢት ኮሚተ ቀዳማይ ኣኼባኣ ከተካይድ ምቅርራብ ኣብ ዝግበረሉ ደረጃ ንርከብ ኣለና። እዚ ዋዕላ'ዚ በቲ ሓደ ወገን ሓድነት ደንበ ተቓውሞ ኣብ ምሕያል፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ህግደፍ ፖለቲካዊ ሃንፍ ንከይፍጠር መሰጋገሪ መድረኽ ናይ ምሕንጻጽ ከቢድ ሓልፍነት ኣለዎ። ነዚ ከቢድ ሓላፍነት'ዚ ኣብ ዓወት ንምብጻሕ እምበኣር ናይ ኪዳን መሪሕ እጃም ዝዓዘዘ ኮይኑ፡ ናይ ኩሎም ደለይቲ ለውጥን ሰላምን ኣስተዋጽኦ'ውን ዓብይ ግምት ዝወሃቦ ምኳኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ነዚ ዋዕላ ንምዕዋት ካብ ኩሎም ኤርትራውያን ግዱሳት ዝግበር ኣስተዋጽኦ ድማ ኣብቲ ኣጋጣሚ ብምስታፍ ጥራይ ዝድረት ዘይኮነስ ኣብ ዘለኻዮ ኮይንካ ነገራውን ሞራላውን ሓገዝ ብምውፋይን ሃናጺ ሓሳባት ብምክፋል'ውን ዝገለጽ እዩ'ሞ ሃየ ኩላትና ኣኢድና ንሓውስ።